# መግለጺ ኣቦ ወንበር ከምኡ’ውን ኣባላት ኣህጉራዊ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ኢትዮጵያ፡ ኣብ መበል 54 ዋዕላ ኣኼባ ቤት መኽሪ ሰብኣዊ መሰላት

**10 መስከረም 2016**

**ኣይተ መሓመድ ዑስማን ኣቦ ወንበር  ኣህጉራዊ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ**

ክቡር ፕሬዝዳንት

ክቡራትን፥ ኩቡራት ልኡኻትን ከምኡ’ውን ተዓዘብትን፡

ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኢትዮጵያ  ንመወዳእታ ግዘ ኣብ ወርሒ መጋቢት ናይዚ ዓመት ንቤት መኽሪ መብርሂ ካብ ዝሀቦ ንዳሓር፡ ኩነታት ኢትዮጵያ ብዓቢኡ እናገደደ መጺኡ እዩ። ኣብቲ እዋን እቲ፡ ኣብ ሕዳር 2022 ዝተኸተመ ስምምዕ ምቅራጽ ተጻብኦታት፡ ኣብ መላእ ሰሜን ኢትዮጵያ ንዝርከቡ ማሕበረሰብ ዘዕነወ፡ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ካብ ዝፍጸሙ ቀተልቲ ግጭታት ሓደ ንከብቅዕ መገዲ ክኸፍት እዩ ዝብል ገለ ተስፋ ነይሩ። እዚ ከምኡ ምኻኑ ዘርኢ ኣይተረጋገጸን።  ስምምዕ ምቅራጽ ተጻብኦታት ዝኾነ ኩሉመዳያዊ ሰላም ከምጽእ ኣይከኣለን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ግፍዕታት ይቅጽል ኣሎ ከምኡ’ውን ግጭት፡ ዓመጽን፥ ዘይርግጋእን ሕጂ ደማ ብዓቀን ናብ ሃገራዊ ብርኪ ቀሪቡ ኣሎ።

ወተሃደራት ኤርትራን ምልሽታት ኣምሓራን ኣብ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ዝፍጽሙ ዘለው ግፍዕታት፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝፍጸሙ ዓመጽን ጾታዊ ዓመጽን ሓዊሱ ይቅጽሉ ከምዘለው ናይ ቀረባ እዋን ጽብዳብና የረጋግጽ። ብፍላይ ነዚ ኮምሽን ብዛዕባ ድሕንነት ናይቶም ኣብ ጥቃ ዶብ ኤርትራ ዝነበሩ ወሑዳት ማሕብረሰብ ኢሮብን ኩናማን ስክፍታ ኣለዎ። እቲ ኮምሽን ተጋሩ ካብ ምዕራብ ትግራይ ብሓይሊ ምስጋግ ቀጺሉ ከምዘሎ እውን ሰኒዱ፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ተባዕትዮን፥ ከምኡ’ውን ህጻናትን ናብ ገዘኦም ክምለሱ ኣይከኣሉን እዮም። ካብቲ ግጭት ዝሃድሙ ስደተኛታት፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባት ሓዊሱ ተወሳኺ ጥህሰት የጋጥሞም ኣሎ።

ቀጻሊ ህላወ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ - ድሕሪ ልዕሊ 10 ኣዋርሕ ስምምዕ ምቅራጽ ተጻብኦታት ክወጹ ካብ ዝጠልበን እዚ ቤት ምኽሪ ክስሕቡ/ክወጹ ድሕሪ ምጽዋዕን - ቀጻሊ ቅዲ ግፍዒ ዘረጋግጽ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጥሕሰት መንግስቲ ኢትዮጵያ ቀጻሊ ተሓባባሪነትን ምጽውዋርን ዘርኢ ንጹር ምልክት እዩ። ከምኡ ብምግባሩ ድማ ኢትዮጵያ ከም መንግስቲ ህዝባ ካብ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብግዳማዊ ሓይሊ ክትከላኸለሉ እትኽእል ቀዳማይ ሕጋዊ ግቡኣ ፈሺላ እያ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እቲ ብሓይልታት ኤርትራ ዝፍጸም ግፍዒ ተሓታትነት ክህሉ ዝኽእል ተስፋ ዳርጋ ከምዘየለ ኮሚሽን ይቖጽሮ።

ካብ ትግራይ ሓሊፉ ኣብ ክልል ኣምሓራ እናተበላሸወ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ኮሚሽን ከቢድ ስክፍታ ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዝተኣወጀ ኣዋጅ ህጹጽ እዋን ብቕልጡፍ ስዒቡ፡ ካብ ፍርዲ ወጻኢ ዝፍጸም ቅትለታትን ብሰፊሑ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ኣምሓራ ምእሳርን ሓዊሱ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዘሰክፍ ጸብጻባት ተዘርጊሑ። መርመራ ኮሚሽን፡ ብዘይ ሲቪላዊ ክትትል ብህጹጽ እዋንን ኮማንድ ፖስትን ኣቢሉ፡ ንውሕስነት መንግስቲ ዝውስኽ ሰፊሕ ቅዲ ከምዘመልክት ይሕብር።

እዚ ቀጻሊ ጥሕሰት ሱቀ ኢሉ ዝመጸ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ቀጥታዊ መቐጸልታ ናይቲ ኣቐዲሙ ክሳብ ሕዳር 2020 ዝጀመረ ሰፊሕ ጥሕሰት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝኽተልዎን ዝኽተሉን ቅዲ እዮም።ከምቲ ጸብጻብና ዘቃልዖ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ግጭት ኩሎም ወገናት ዝፍጽምዎ ገበናት ክብደትን ኣብ መጻኢ ሰላምን ምርግጋእን ዘለዎ ጽልዋ ልዕሊ ዓቀን ክንገልጽ ኣይንኽእልን።

ሓይልታት ምክልኻል ሃገር ኢትዮጵያ፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ዞባዊ ሓይልታትን ምትእስሳር ዘለዎም ምልሻታትን ኣብ ትግራይ ብዘስደምም ደረጃ ጥሕሰት ፈፂሞም። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝፍጸም ሰፊሕን ስርዓታውን ዓመጽን ጾታዊ ዓመጽን ጃምላዊ ቅትለት፡ ኮነ ኢልካ ጥሜት፡ ግዱድ ምምዝባል፡ ከምኡ'ውን ሰፊሕ ኢደወነናዊ ማእሰርቲ ዘጠቓልለ እዩ። እዚኦም ድማ ገበናት ኲናትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ዝመጣጠኑ እዮም።

ሓይልታት ትግራይን መሻርኽቲ ምልሻታትን እውን ኣብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፍፀሙ ጥሕሰታት፣ ቅትለት፣ ሰፊሕ ዓመፅን ፆታዊ ዓመፅን፣ ምዕናው ንብረትን ምዝማትን፣ ከምኡ እውን ገበን ኲናት ዝመጣጠን እዩ።

ከቢድ ጥሕሰት ካብ ሰሜን ሃገር ወጻኢ ተዘርጊሑ ኣሎ። ኣብ ኦሮሚያ፡ ምስ ሓይልታት ነጻነት ኦሮሞ ምትእስሳር ኣለኩም ብዝብል ብሓይልታት መንግስቲ ዝካየድ ዘሎ ቀጻሊ ቅዲታት ምእሳር፡ ምእሳርን ስቅያትን ሲቪላት ብፍላይ ድማ ደቂ ተባዕትዮን ኣወዳትን እቲ ኮሚሽን የቃልዕ። ንገበነኛታት ብዘይመቅጻዕቲ ዝተሰነየ ካብ ፍርዲ ወጻኢ ኣብ ልዕሊ ሲቪላት ዝፍጸም ቅትለት ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝፍጸም ጾታዊ ዓመጽ ይቕጽል ኣሎ ግን ብኸቢድ ትሑት ጸብጻብ ይረክብ ወይ ብዙሕ ተመት ኣይረኸበን።

ብሓይልታት ነጻነት ኦሮሞ፥ ካብ ሓይልታት ነጻነት ኦሮሞ ተፈንጪሉ ዝወጸአ ጉጅለ ከምኡ'ውን ብሓይልታት ፋኖ ኣብ ክልላት ኦሮምያን ኣምሓራን ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ኣምሓሩን ኦሮሞቶት ዝካየድ ዘሎ መጥቃዕቲ እውን እቲ ኮምሽን ስክፍታ ኣለዎ።

ክቡር ፕሬዝዳንት

እዚ ግፍዕታት – ሕሉፍን ቀጻልን፡ እቲ ዝተጎድአ ዘባ ወይ ሕብረተሰብ ብዘየገድስ – ኣብ ልዕሊ እቶም ውጹዕ መዓት፡ ግዳያትን ስድራቤቶምን ከቢድን ቀጻልን ጽልዋታት የሕድርን ንዝምድናታት ሕብረተሰብ ብኸቢድ ሽሪሙን ኣሎ። ምሉእ ስድራቤታት ክቕተሉ፡ ኣዝማዶም ኣብ ልዕሊ ዝፈትውዎም ሰባት ዘስካሕክሕ ገበናት ክፍጸሙ ከለው ተገዲዶም ክዕዘቡ ፡ ምሉእ ማሕበረሰባት ድማ ተመዛቢሎም ይርከቡ። ብዙሓት ክምለሱ ይፈርሑ፤ ካልኦት ዘይክእሉ እዮም። ካብ ዓመጽን ጾታዊ ዓመጽን ዝደሓኑ ሰባት ገና እኹል ሕክምናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ደገፍ ኣይረኸቡን።

ኣድላይነት ተኣማንን ንኹሉ ዝሓቁፍን መስርሕ ሓቂ፡ ፍትሒ፡ ዕርቅን ፈውስን ካብዚ ንላዕሊ ህጹጽ ኮይኑ ኣይፈልጥን። ምስናይዚ ግን ኢትዮጵያ እትገብሮ ዘላ ናይ መሰጋገሪ ፍትሒ ምምኽኻር ብዙሕ ክሱጉም ኣይከኣለን። ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት መንግስቲ ፌደራል “ኣማራፂታት ፖሊሲ ኢትዮጵያ ንመሰጋገሪ ፍትሒ” ዝብል ረቂቕ ፅሑፍ ኣውፂኡ ነይሩ። ድሕሪ እቲ ናይ ፖሊሲ ኣማራጺታት ወረቐት ካብ ወርሒ መጋቢት ጀሚሩ ኣብ መላእ ሃገር ዝተኻየደ ተኸታታሊ ምምኽኻር ተኻይዱ። ክሳብ ሕጂ ነቲ መስርሕ ብጥንቃቐ ገምጊምናዮ፡ ካብ ሕብረት ኣፍሪቃን ኣህጉራዊ ደረጃታትን ኣዝዩ ዝጎደለ ኣዝዩ ጉድለት ዘለዎ ኮይኑ ረኺብናዮ።

ብመሰረቱ እቲ መስርሕ ብድሌት ግዳያት ዝድረኽ ኣይኮነን፤ ንኹሉ ዝሓቁፍን ግሉጽነትን እውን የብሉን። ብዙሓት ኣዘራረብትና ነቲ መስርሕ ከምዘይኣምንዎ ብንጹር ገሊጾም፣ ብተወሳኺ ድማ ብዛዕባ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ኣውጺኦም ብምዝራብ ሕነ ምፍዳይ ሓደጋ ከይህልዎም ስግኣት ገሊጾም። መንግስቲ ንኽዛዘሙ ዝተወሰነ ግዜ ብዘይ ፍቓድ ንምምላእ ይጓየ ኣሎ። ብዛዕባ ተሓታትነት ሓይልታቱ ብዝምልከት መንግስቲ ሕጋዊ መርመራታት ይኹን ፍርዲ ዝምልከት ተኣማንነት ዘለዎ መርትዖ ኣየቕረበን።

ኮሚሽንና ኣብ መሰጋገሪ ፍትሕን ዝተረፈ ስልጣኑን ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንምትእስሳር ብዝተፈላለየ መንገድታት ብተደጋጋሚ ይጽዕር - ምምኽኻር ዘባውን ኣህጉራውን ደረጃታት ከምዘማልእ ንምርግጋጽ ኣማኻሪ መዘኻኸሪ ብምቕራብ ሓዊሱ፡ መልሲ ስለዘይረኸብና ድማ ብጣዕሚ ንሓዝን።

መንግስቲ ምስ ኮሚሽንና ምትሕብባር እኳ እንተኣበየ፡ ምስ ዘባዊ ኣገባባት ሰብኣዊ መሰላት ክዋፈር ይኽእል'ዩ ዝብል ተስፋ ጌርና ነይርና። የግዳስ መንግስቲ ነቲ ብኮሚሽን ሰብኣውን ህዝብን መሰላት ኣፍሪቃ ዝተመስረተ መርማሪ ኮሚሽን ብዓቢኡ ሽለል ኢሉዎ። እቲ ኮሚሽን እቲ ናይ መወዳእታ ጸብጻብ ከየቕረበ ኣብ ግንቦት 2023 ስቕ ኢሉ ስርሑ ተቛሪጹ።

ብመንጽር ተግባራት መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ “ንሽሙ ይገብር ኣለኹ ዝብል ናይ ምድንጋር ስራሕ” ተባሂሉ ዝጽዋዕ ስትራተጂ ከም ዝወሰደ፡ ኮሚሽን ካብ ምድምዳም ክተርፍ ኣይክእልን። እዚ ክንብል ከለና ካብ ዘባውን ኣህጉራውን ምጽራይ ንምህዳም ኮነ ኢልካ ዝግበር ጻዕሪ ማለትና ብፍጥረት ውሽጣዊ ኣገባባትን መሰርሒ ምግባር ካልኦት ትካላትን እዩ። እዘም ኣገባባት እዚኦም ተሓታትነት ዘስጉሙ መሲሎም ብተግባር ግን ውጽኢቶም ኣህጉራዊ ጸቕጢ ምቅላልን ንዝሓየለ ኣህጉራዊ ክትትል ዝኽልክልን እዩ።

ነቶም ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ግዳያትን ውጹዕ መዓትን ዝኾኑ እዚ ክቕጽል ክፍቀድ ኣይክእልን እዩ።

ክቡር ፕረዚደንት፣

ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት መብዛሕትኡ ኣብ ማዕቀፍ ትንተና ገበናት ግፍዒ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተለለዩ ናይ መጻኢ ግፍዕታት መርኣዪታት ዘርኢ ምዃኑ ንቤት ምኽሪ ብምምልካት ክዛዝም እደሊ። ምርመራና ከም ዘርእዮ፣ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ዘለዉ ሓይልታትን፣ ከቢድ ጥሕሰት ናይ ምፍጻም ንጹር መዝገብ ከምኡ'ውን ቀጻሊ ናይ ግፍዒ ገበናት ናይ ምፍጻም ዓቕሚ ኣለዎም – ከምኡ'ውን ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ሓይልታት ኤርትራ፣ ዘባዊ ዕጡቓት ጉጅለታትን ምልሻታትን። ኣብ መላእ ሃገር ዝቕጽል ዘሎ ኩነታት ዓመጽ ብኻልኦት መርኣዪታት ሓደጋ ዝተሰነየ ኮይኑ፣ ከም ምጽዓን ህጹጽ ሕግታትን ካልኦት መሰረታዊ መሰላት ዝሸርሽሩ ስጉምትታት ጸጥታን፤ ዝርገሐ ናይ ጽልኢ ዘረባ፤ ከምኡ'ውን ኣብ ኢንተርነትን ቴሌኮሙኒኬሽንን ዝግበር ገደብ።

ጸብጸብና ንኢትዮጵያ ዝምልከት ተኸታታሊ ለበዋታት ዘቕርብ ኮይኑ፣ ሕጋዊ መሰጋገሪ መስርሕ ፍትሒ ዝምልከት መዐቀኒታት ሓዊሱ እዩ። ንማሕበረሰብ ዓለም እውን ለበዋታት ኣቕሪብና ኣለና። እዚ ኩሉ እዚ ሕጂ ዘሎ ዓመጽ ንምውጋድን ካልኣይ ንከይድገም ንምክልኻልን ዝቐንዐ እዩ። እቲ ተልእኾ ምክልኻል እውን ቀንዲ ዕላማ ክልቲኦም ሕብረት ኣፍሪቃን ባይቶ ሰብኣዊ መሰላትን እዩ። ኣብዚ ከቢድ ጥሕሰት ዝረኣየሉ ዘሎ እዋን፣ ሕጂ ኣህጉራዊ ምጽራይ ምውዳእ ቅድሚ ግዜኡ ምኾነ።

እዚ ቤት ምኽሪ ድልዱልን ቀጻልን ኣህጉራዊ መርመራታትን ህዝባዊ ጸብጸብ ናይቲ ኩነታትን ከረጋግጽ ንላቦ። ከምኡ ዘይምግባር ካብ ሓላፍነት ቤት ምኽሪ ምሕዳግ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቶም ግዳያትን ውጹዕ መዓትን ናይዚ ግጭት'ዚ ኣዕናዊ መልእኽቲ'ዩ ዝልእኽ እዩ።

የቕንየለይ.